# ዲሞክራስያዊት ኤርትራ

ብሓልዮት ቤ/ጽ ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ዝዳሎ ስሩዕ መጽሔት

ፍሉይ ሕታም ሓምለ 2024



## ኣቦ መንበር ግሃድኤ ምስ “ዲሚክራስያዊት ኤርትራ” ኣብ ዝገበሮ ቃለ ምልልስ፥

- ከም ሓደ ወዲ ሃገር፡ እንታይነተይን ተመኩሮ ቃልሰይን ከገልጽ፡ ብዝያዳ ናብ’ዚ ሓድሽ ወለዶ ዘቕነዐ መልእኽቲ ስለ ዝኾነ፥ ብልቦና ክቕበልዎ ተስፋ እገብር፡፡
- ኣብ’ዚ መድረኽ’ዚ ሓድነት ደምበ ተቓዉሞ ኤርትራ፡ ካብ’ቲ ዝገጥሞ ዘሎ ሕልኽልኻት ተናጊፉ፡ ናይ ሓባር ኣረኣእያ ዘዉሕስ ምዑት ቃልሲ ከካይድ ይግባእ።
- ኣንጻር ውልቀ መላኺ ዝካየድ ቃልሲ፡ ዝኾነ መልክዕ ይሃልዎ ብዘየገድስ፡ ናይ ወጻኢ ሓይሊ ኢደ ኣታዉነት ዘወገደ፡ ጉዳይ ኤርትራ ብኤርትራዊ ዓቕሚ ጥራሕ ዝፍጸም ሃገራዊ ዕማም ምዃኑ ምርግጋጽ።

*ርእሰ ዓንቀጽ*

# *ሰፊሕ ቃለ ምልልስ*
# *ምስ ኣቦ መንበር ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትር*

*ዕላዊ ልሳን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ (ግሃድኤ) ዝኾነት መጽሔት "ዲሞክራስያዊት ኤርትራ" ፡ ምስ ተጋዳላይ ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ሰፊሕ ቃለ-ምልልስ ዝሓዘለ ፍሉይ ሕታም ሒዛትልኩም ትቐርብ። እቲ ቃለ-ምልልስ ብዙሓት ኣገደስቲ ጉዳያት ዝሓዘለ ኮይኑ፡ ፖለቲካውን ቁጠባውን ኩነታት ሃገርና፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዞባና ሰፊኑ ዘሎ ወጥሪ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ዝካየድ ዘሎ ቀጻሊ ውሽጣዊ ውግኣትን ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ኣንጸላልዩ ዘሎ ወጥርን፡ ኣብ ፖለቲካዊ ዓውዲ ኤርትራ ዘለዎ ጽልዋን ብዑምቀት ዝሸፍን ኢዩ።*

*ግሃድኤ ኣቦታትናን ኣያታትናን ካብ መፋርቕ ኣርበዓታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ ዘመን ዝተቓለሱሉ ሃገራዊ ኣቓማት ብጽንዓት ዝከላኸል ውድብ ኢዩ። ልዑላውነትና ሓድነት ግዝኣታዊ መሬትናን፣ ነቲ ብቐጻሊ ክፈታትን ዝጸንሐ ወስታታት፣ ብፍላይ ድማ ካብ ጎረቤት ሃገር ኢትዮጵያ፣ ህዝብናን ሓርበኛታት ደቁን ብትብዓት ክምክትዎ ጸኒሖምን ኣለዉን። ውድብና ድማ ከም ወትሩ ኣብዚ መዳይ'ዚ ኣድማዒ ተራ ከም ዘለዎ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ዘሎና ራእይ፣ ኣቦ መንበር ውድብና ብሰፊሑ ገሊጽዎ ኣሎ። ነዚ ሃገራዊ መኸተ'ዚ ንምዕዋት ምስ ኩሎም ሓይልታት ለውጢ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ክንቃለስ ከም ዝግበኣና፣ ጉባኤታትና ኣገደስቲ ውሳኔታት ዝወሰደሉ ጉዳይ ምዃኑ ብምብራህ፣ ንዕኡ ብዝምልከት ክይዲ ኣበይ በጺሑ ምህላዉ ብዝርዝር ተገሊጹ ኣሎ።*

*ግሃድኤ ነዚ ኩሉ ብደረጃ ውድብና ይኹን፣ ብደረጃ ኣካሉ ዝኾነ ሰፊሕ ጽላል "ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ" ከምኡ'ውን ብደረጃ ጠቕላላ ተቓውሞ ድምበ፣ ነቲ ኣብ ግዕዞ ቃልስና ዝርአ ዘሎ ሕልኸልኻት ሰጊርናን፣ ድኹም ጎድንታትና ጸጊናን፣ ኣብ መንገዲ ዓወት ብኣድማዕነት ክንስጉም ዘኽእለና ቅድመ ተዳልየናታት እንታይ ኢዮም ዝብሉ ሕቶታት ኣብዚ ነቕርቦ ቃለ-ምልልስ ብብሩህ ተቐሚጡ ኣሎ።*

*ክቡራትን ክቡራንን ኣንበብቲ፣ ምስ ሰፊሕ ቃለ-ምልልስ ሰናይ ንባብ ክኾነልኩም ምንዮታና ብምግላጽ፣ ዘለኩም ትዕዝብትን ሚኣዛንን ድማ ክትልኡክልና ደስ እብለና።*

*ኣዳላዊ ኣካል መጽሔት*

# ሰፊሕ ቃለ ምልልስ ምስ
# ተጋዳላይ ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ

***ክቡር ኣቦ መንበር ኣቀዲምና ዕድሜና ኣኽቢርካ ነዚ ሰፊሕ ቃለ ምልልስ ምሳኻ ከነካይድ ፍቓደኛ ምዃንኩ ዕዙዝ ምስጋና ብምቕራብ፣ ቀዳማይ ሕቶና፣ ብዛዕባኻ ብዙሕ ኣፍልጦ ንዘይብሎም ሓደስቲ ወለዶ፡ መን'ዩ ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ፡ ድሕረ-ባይታኻ ማለት፣ ዝተወለድካሉን ዝዓበኻሉን ቦታ፡ ከም'ዉን፡ ብዛዕባ ከመይነትን እንታይነትን መድረኻት ቃልስኻ ምግለጽካልና ዶ?***

*የቐንየለይ፡ ነዚ ዕድል'ዚ ዝሃብክሙኒ፣*

*ኣነ ዩሱፍ ብርሃኑ ኣሕመዲን እበሃል፡ ኣብ 1945 ኣብ ከተማ ኣሥመራ (ኣብ ገዛ ከኒሻ) ተወሊደ። መባእታ ትምህርቲ ኣብ እንዳ ደናግል(ኮምቦኒ)፡ ማእከላይ ደረጃ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኮለጂዮ ላሳለ (ካቶሊካዊ ቤት ትምህርቲ) ፡ ካልኣይ ደረጃ ድማ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ፈርዲናንዶ ማርቲኒ ሓደ ዓመት ቅድመ ዩኒቨርሲቲ ኣብ ኣሥመራ ተማሂረ፡፡ ጽቡቕ ውጽኢት (ነጥቢ) ስለ ዘምጻእኩ ድማ፡ ካብ መ. ጣልያን፡ ስኮላርሺፕ ንምርካብ ተዓዊተ። ንዓዲ ጣልያን ከይደ ድማ፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ሮማ ሕክምና ተማሂረ። ኣብ ኣርባዓታት/ሓምሳታት፡ ኣብ'ቲ ንኡስ/ዕሸል ዕድመይ፡ ኣብ ኤርትራ ዉዕዉዕ ፖለቲካዊ ሃዋህው ዝነበረሉ እዋን ብምንባሩን፡ ኣቦይ'ውን ሓደ ካብ'ቶም ዓበይቲ ሃገራውያን መራሕቲ ቀጽሪ ነጻነት ብምንባሩን፡ በቲ ፖለቲካዊ ሃዋሁው ተጸልየ ዝዓበኹ ባእታ እየ። ካብ ንእስነተይ ኣትሒዘ ብስምዒት ፍቕሪ ሃገር ተሰንየ ምዕባየይ ንነብሰይ ዕድለኛ እየ ዝቖጽራ፣ (ሽሕ እኳ ኣብ'ቲ ዕሸል ዕድመይ'ቲ ናይ ምስትንታን ዓቕሚ ኣይንበረኒ'ምበር) ። እዚ እቲ ድሕረ ባይታ ናይ ኣተዓባብያይ ኮይኑ፥ ኣብ 1965 ኣብ ዓዲ ጣልያን ተማሃራይ ዩኒቨርሲቲ ኣብ ዝነበርክሉ እዋን፡ ኣባል ጠቕላላ ማሕበር ተማሃሮ ኤርትራውያን ኮይነ ክነጥፍ ጀሚረ። ኣብ 1971 ኣብ'ቲ ቀዳማይን ታሪኻውን ሃገራዊ ጉባኤ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ተሓኤ) ተሳቲፈ ። ኣብ መወዳእታ 1972 ከኣ፡ ንሜዳ ተሰሊፈ፣ በቲ ናይ ሕክምና ሞያይ ድማ፡ ንህዝበይ ኣብ ምግልጋል እጃመይ ከልዕል በቒዐ ። ኣብ 1975፡ ኣብ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ናይ ተሓኤ፡ ኣባል ሰውራዊ ባይቶ ተመሪጸ። ኣብ ጥሪ 1975 ከኣ፡ ማሕበር ቀይሕ መስቀልን ወርሕን መስሪተ፣ ከም ኣቦ መንበር ናይ'ቲ ማሕበር ኮይነ ከኣ ንነዊሕ ዓመታት፡ ነቲ ትካል ክመርሕ ሓላፍነት ተሰኪመ ሰሪሐ፡፡ በዚ ድማ*



Yousuf Berhanu och Habte Tesfamariam i Stockholm 1976

*ሃብታም ዲፕሎማስያዊ/ፖሊቲካዊ ተመኩሮ ከጥሪ ዕድል ረኺበ። ድሕሪ 1981 ዓ.ም. ኣብ ዝተኻየዱ ተኸታተልቲ ጉባኤታት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ድማ፡ ካብ መድረኽ ናብ መድረኽ ዝተሰጋገረ ነዊሕ ናይ ቃልሲ ጉዕዞ፡ ከም ኣባል ፈጻሚ ሽማግለ ኮይነ፡ ኣብ ዝተፋላለየ ጽፍሕታት፣ (ማለት ወጻኢ ጉዳይ፡ ኤኮኖሚ ቤት ጽሕፈት ወዘተ..) ኣገልጊለ። ኣብ 2011 ኣብ ኣዋሳ ዝተኻየደ ሰፊሕ ዋዕላ፡ ከም ኣቦ መንበር ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለዉጢ ተመርጸ፡ ንኣስታት ኣርባዕተ ዓመታት ዝኣክል ድማ*

ብሓላፍነት መሪሑ። ኣብ'ዚ ዘለናዮ እዋን ከኣ፡ ኣቦ-መንበር ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኮይኑ ይቃለስ ኣሎ ኹ፡፡ ነቲ ካብ 1965 ዝጀመርክዎ ሃገራዊ ቃልሲ ድማ፡ ኣብ ሃገርና ፍትሕን ዲሞክራስን ክሳብ ዝነግስ፡ ቃልሰይ፣ ወትሩ ቀጻሊ ጸንሑን፡ ጌና'ውን ህያው ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።

ኣብ መደምደምታ፡ ከም ሓደ ተራ ወዲ ሃገር፡ መንነተይን ተመኩሮ ቃልሰይን ከገልጽ፡ ነዚ ሓድሽ ወለዶ ዝምልከትን ፡ ናብኡ ዘቕነዐ መልእኽተይን፥ ብልቦና ክቕበልዎ ተስፋ እገብር፡፡ ናትና ወለዶ፡ ነቲ ካብ ኣቦታት ዝወረሰ; ንህንጸት ታሪኽ ድርኺት ዝፈጠረ ሓይሊ፡ ንኤርትራዊ መንነትን ልኡላዉነት ሃገርን ንምርግጋጽን፡ ኣብ ጉዕዞ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝኸፈሎ መስዋእትን ዋጋን መዳርግቲ የልብሉን። ነዚ ወኒ'ዚ ግን በቲ ታሪኻዊ ትሕዝቶኡን መንፈሱን ጠባያቱን፡ ናብ'ዚ ሓድሽ ወለዶ ከነመሓላልፎ ዛጊት ኣይበቓዕናን ዘለና። ይኹን'ምበር፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ፡ እዚ ሓድሽ ወሎዶ እንተኾነ'ዉን ኣፍልጦኡ ክስፍሕን ክመራመርን፡ ሕጽረት ዘለዎ ኮይኑ ይስማዓኒ፥ እዚ ማለት ግን ኣብ ልዕልኦም ከቶ ክሲ ንምውርዋር ዝሓለነ ኣይኮነን። ብኣንጻሪ፡ እዚ ወለዶ'ዚ ተቐባል ሕድሪ ስለ ዝኾነ ከኣ፡ ነቲ ብኸቢድ ዋጋ ዝተረጋገጸ ልኡላውነት ሃገርና ኤርትራ፡ ዋልታ ሃገር ብምዃን፡ ዓቃቢ ናይ'ቲ ክቡር ታሪኽና ክኸውንን፡ ዲሞክራስን ፍትሕን ማዕርነትን ኣብ ሃገርና ንምርግጋጽ ድማ፡ ብዕቱብነት ንለውጢ እጃሙ ከልዕልን፡ ሃገራዊ ግዴታን ሓላፍነትን ከም ዘለዎ፡ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ደጊመ ከዛኻኽርን ክስምረሉን ይፈቐደለይ ።

## ግሃድኤ፡ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ራብዓይ ውድባዊ ጉባኤኡ ኣሰላሲሉ፡ ነቲ ዋዕላን ውጽኢቱን ብኸመይ ትገልጾ?

ትኽክል፡ ቅድሚ ኣስታት ክልተ ኣዋርሕ ይኸውን፡ ብዓወት ዝተዛዘመ ራብዓይ ጉባኤ ኣካይድና። ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታኡ ምስ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝተኣሳሰር ኮይኑ፡ ብነዊሕ ናይ ቃልሲ ተመኩር ተመልሚሉ፡ ንፍትሕን ዲሞክራስን ማዕርነትን ልዕላውነትን ዝቃለስ ዘሎ ሃገራዊ ውድብ እዩ። ጉባኤ ኣብ ግዜኡ (ቅድሚ ዓመት) ክነካይዶ ዘይምኽኣልና፡ ናቱ ወድዓዊ ዝኾነ (በዓል-ቤታዊ) ብቑዕ ምኽንያት ነይርዎ፣ ይኹን'ምበር በቲ ከቢሩና ዝጸንሐ ጽንኩርን ኣጸጋምን ዞባዊ ኩነታት ብኣኡ ከይተቐየድና፡ ጉባኤ ንምክያድ፡ መሪሕነት ውድብ ኣሰናዲኢት ሽማግለ ብምምዛዝ፡፡ ራባዓይ ውድባዊ ጉባኤ ክዉን ንምግባር ከኣ ዘይሕለል ጻዕሪ ኣካይድና ክንብል ንኽእል። ጉባኤታት ምክያድ ኣገዳስነቱ ኩሉ ዘይስሕቶ (ዝስሕቶ) ቁጽጽራዊ መሰል ምዃኑ ዘካትዕ ኣይኮነን። ካብ መድረኽ ናብ መድረኽ፡ በብእዋኑ ዝተኻየዱ ጉባኤታትና፡ ምልክት ሕጋዊ ኣመራርሓን ገስጋሲ ኣንፈት ዘረጋግጽ፡ ርሑቕ ዘማዕደወ ፖለቲካዊ ልምምድ ኮይኑ፡ ኣብ ሃገርና ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ንምህናጽ ዘታባብዕን ዝድርኽን ባህልን ኣገባብን እዩ። ራብዓይ ጉባኤ ግሃድኤ፡ ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ህንጻ ሕግን ኣጽፊፉ፡ ሓድሽ መሪሕነት፣ (21 ቀወምትን 2 ተጠባበቕት ዝሓቖፈ ማእከላይ ባይቶ) ፡ መሪጹ ማእከላይ ባይቶ ድማ፣ 5 ኣብያተ ጽሕፈታት ዝመርሑ፣ ኣባላት ፈጻሚ ኣካል፡ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ መሪጹ። ብዙሓት ካብኣቶም ኣባላት ውድብ ኣብ ካልኣይ መስርዕ ክገልግሉ ዝጸንሑ ኮይኖም፡ ናብ ደረጃ መሪሕነት ምስግጋሮም፣ እዚ እብረ-ምቅብባል ዘመልክትን፡ ንተካእቲ ወለዶ ዘተባብዕን ሃናጺ ባህሊ ምዃኑ ዘጠራጥር ጉዳይ ኣይኮነን።

ፈጻሚ ኣካል ናብ ጉባኤ ዘቕረቦ ኣገዳሲ ሰነድ፡ ነቲ ብዞባን ዓለምለኽ ደረጃን ከቢሩና ዝርከብ ኣገዳስን ሓደገይናን ምዕባሌታት ብግቡእ መዚኑ፡ ከም'ኡ'ውን ኣብ ጎረባብትና (ሱዳንን ኢትዮጵያን) ተፈጢሩ ንዘሎ ዘይቅሳነትን ወጥርን፡ ንሃገራዊ ድሕነትና (National Security) ዘስግእ ምዃኑ ጉባኤ ኣስሚርሉ። ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ሓድነት ደምበ ተቓዉሞ፡ ካብ'ቲ ዝገጥሞ ዘሎ ሕልኽልኻት ተናጊፉ፡ ናይ ሓባር ኣረኣእያ ዘዉሕስ ምዑት ቃልሲ ከካይድ ጉባኤ ጸዊዑ። እቲ ብሰለስተ ውድባት ልፍንቲ ክካየድ ዝጸንሐ ምውህሃድ፡ ናብ ምሉእ ሓድነት ክሰጋገር፡ ራብዓይ ጉባኤ ነቲ ሓድሽ መሪሕነት ስልጣን ሂቡ። ጉዳይ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ብዝምልከት ዝዓበየ ኣቓልቦ ከነምብረሉ ዝግባእ ዕማም ምዃኑ ብምግዛብ፡ ሱታፌ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን፡ ከነታባብዕ ጉባኤ ወሲኑ።

ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲ ለዉጢ፡ ኣገዳሲ ጽላል ኩሉ ደምበ ተቓውሞ ክዓስሎ ዝግባእ ዓውዲ ቃልሲ ብምዃኑ፡ ነብሱ ኣሐዲሱ፡ ምስቶም ካብኡ ወጺኢ ዘለው ኣካላት ተወሃሂዱ ንኽሰርሕ፣ ኩሉ ኣካላት ጻዕሪ

ከካይድ ጉባኤና ተላብዩ። ውድብና ሓደ ካብተን ዉሑዳት ውድባትን ሰልፍታትን፡ ብግቡእ ጉባኤታቱ ዘካይድን ብውሳኔታቱ ተማእዚዙ ዝቃለስን ሃገራዊ ዉድብ ኮይኑ፡ ኣብ ቅኑዕ ስትራተጂ ዝተመርኮሰ፡ ንጹር ኣህገራዊ ኣረኣእያ ዝውንን ውድብ ምዃኑ፡ ሕሉፍ መድረኻት ቃልሲ ዝምስክሮ ክውንነት እዩ።

## እተን ልፍንቲ ዘቕማ ሰለስተ ውድባት፡ ናብ ፍጹም ሓድነት ንምብጻሕ፡ ካብ ሓደ ግዜ ንላዕሊ ቀጻሪ ፈልየን፥ ይኹን'ምበር እቲ ሓድነት ዛጊት ኣይተፈጸመን ዘሎ እንታይ እዩ እቲ ጸገም? ተሰፋታቱ'ኸ እንታይ'ዩ?

እዚ ሕቶ ምቕራብካ ኣመስግነካ፡ ምኽንያቱ ብዙሓት ዘልዕልዎ ሕቶ ስለ ዝኾነ። ንምንጻሩ ዝኣክል፡ ርግጽ እዩ፡ ክም'ቲ ተወጢኑ ዝነበረ፡ እቲ ሓድነት ኣብ እዋኑ ክነካይዶ ዘይምኽእልና፡ ብካብ ግምታትና ወጻኢ ዝኾኑ፡ ብወድዕነት ዝምዘኑ ዕንቅፋታት ዝተገዝአ እዩ ነይሩ፣ ክም ጉዳይ ኮሮና፡ ንመላእ ዓለም ናይ ምዝንባዕ ኩነታት ዝፈጠረ ከቢድ ቅልውላዉ፡ ሓደ ካብቶም ምኽንያታት'ዩ። ይኹን'ምበር ሓድነታዊ ጻዕርታትና በዚ ክቶ ኣይተዓንቀፈን፥ ብእንጻሩ እቲ ላዕለዋይ መሪሕነት ናይ'ቲ ልፍንቲ፡ ጽዑቕ ርኽክባት ካብ ምክያድ ዓዲ ኣይወዓለን። ብደረጃ ላዕለዋይ መሪሕነት፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ስጥመቱ እናረጋገጸ'ዩ ክስጉም ጸኒሑን ኣሎ'ን። ክም'ውን ነፍሲ-ወከፍ ውድባትና፡ ቅድሚ ናብ'ቲ ሓድነታዊ ጉባኤ ንበጽሕ፡ ነናይ ገዛእ ርእሰን ውድባዊ ጉባኤታት ክካይዳ ኢና ተሳማምዕና። ክልተ ውድባት ድሮ ጉባኤታተን ኣሰላሲለን፡ ተቐሪበን ኣለዋ፣ ኢታ ሳልሳይቲ ውድብ እንተኾነት'ውን፡ ኣብ ምሸብሻብ ትርከብ። እዚ'ውን ሓደ ካብ'ቲ ናይ ግዜ ምንዋሕ ጠንቂ ምንባሩ ክበርህ ዘለዎ ጉዳይ እዩ። ሓድነት ንምርግጋጽ፡ ዝካየድ ዘሎ ዘይሕለል ጻዕርታት፡ ንምዝዛሙ ንቕድሚት (ገጽ) እናሶጎመ ዝኸይድ ዘሎ ዕማም ኮይኑ፡ ብሰለስተ ደረጃታት ጽዑቕ ኣኼባታትን ርኽክባትን ምምኽኻርን ክነካይድ ኣብ ምቅርራብ ንርከብ፡ ንሱ ከኣ፥

1. ብማእከላይ ባይቶታት ናይ ሰለስቲኡ ውድባት ዝካየድ ናይ ሓባር ኣኼባታት፣
2. ንመሰረታት ሰለስተ ውድባትና ዝግበር ናይ ሓባር ኣኼባታትን ሰሚናራትን፣
3. ምውህሃድ ምምሕዳራት ናይ ሰለስቲኡ ውድባት ኣብያተ ጽሕፈታት፣

እዞም ሰለስተ ኣገደስቲ ዕማማት ዕዮ እዚኣቶም፡ ቅድመ ባይታ ነቲ ሓድነታዊ ጉባኤና ምዃኖም ክስምረሉ እፈቱ ። ነዞም መደባት እዚኣቶም ኣጻፊፍና፡ ናብ ሓድነታዊ ጉባኤ ክነምርሕ፡ ዘድሊ ምድላዋት ብተወፋይነት ክንሰርሓሉ ውድብና ቅሩብነቱ ብድጋሜ የረጋግጽ።

እዚ ሓድነት'ዚ ደራኺ ሓይልን ናህርን ዝውስኽ ኣብ ርእሲ ምዃኑን፡ ብፍላይ ድማ፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞና ክሕድሮ ዝኽእል ማሕበራውን ፖለቲካውን ጸልዋታትን፣ ዘረጋግጾ ተሰማዕነትን፡ ኣገዳሲ ሃገራዊ ተልእኾ ዘቃልሕ'ዩ። እዚ ሓድነት'ዚ ኣብ ክሊ እቲ ሕጂ ኣብ ደምበ ተቓውሞ እነካይዶ ዘለና ቃልሲ ተሓጺሩ ዝተርፍ'ውን ኣይኮነን፣ የግዳስ ነዊሕ ዘማዕደወ ሃገራዊ ስትራተጂ፣ ነቲ ድሕሪ ምውዳቕ ስርዓት ህግደፍ ክፍጠር ዝኽእል ኩነታት ንምግጣም ዝዓለመ፣ ናይ ርሑቕ ጠመተ እዩ። በዚ ሓድነት ናይ'ዘን ሰለስተ ውድባት፡ ብሕብረተ-ሰብኣውን፡ ብካብ ክልቲኡ ዓበይቲ ሃይማኖታትና ዝሳተፍዎን ዓቕምታት ምስ እነረጋግጽ፡ ውልቀ መላኺ ስርዓት ህግደፍ፡ ድሕሪ ምውዳቑ፡ ካብ ህዝብናን ሕብረተሰብ ኤርትራን ንረኽቦ ደገፍ፡ ኣብ መጻኢ ፖለቲካዊ ህይወት ሃገርና፡ ሃናጺ ተራ ክንጻወት ዘኽእለና ዓቕሚ ክነጥሪ ዘውሕስ እዩ፡፡ ነዚ ንምዕዋት ድማ፡ ካብ ሎሚ ምሸብሻብ ይሓተና።

## ብዛዕባ ሓፈሻዊ ክዉንነት ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራን ፡ ብፍላይ ከኣ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጥን፡ ዘለካ ንባብ መካፈልካና'ዶ?

ኩነታት ደምበ ተቓውሞ ብሓፈሻ እንታይ ይመስለን፡ ኣብ ምንታይ ክውንነት ይርከብን? ዝበል ሕቶ፡ ብወድዕነት ክንመዝኖ ይግባእ። ደምበ ተቓውሞ ብዙሕ መልከዕን ጠባይን ሓዘል ምዃኑ ብዙሕ ዘካትዕ ጉዳይ ክኾነና ኣይክእልን። ድሕሪ 1991 ምእዋጅ ነጻነት፡ እቲ ስልጣን ዝጨበጠ ጉጅለ (ህግደፍ)፡ ኣብ ክንዲ ንዕርቅን ንልዝብን ቅሩብነቱ ዘርኢ፡ ብኣንጻሩ፡ ኣግላሊ መርሆ መሪጹ ምኻዱ፡ ኤርትራ ን33 ነዊሕ ዓመታት ብዊንታን ድሌትን ናይ ሓደ ውልቀ መራሕን መጋበርያታቱን ትግዛእ ዘላ ሃገር ኮይና እያ ተሪፋ። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ፡ ኣብ ዉሽጢ ሃገር ኮይንካ

*ንኽትነጥፍ፡ ብማንም መልክዕ፡ ሃሰስ እልካ'ውን ናይ ምቅዋም ዕድል ዘይትረኽበሉ ክዉንነት እዩ ዘሎ፡፡ እዚ ንባዕሉ ነቲ ብደገ ኮንካ ዝግበር ናይ ምቅዋም ባይታ እንተኾነ'ውን ከቢድ እዩ ዝገብሮ። እቲ ኩነታት ከምዚ ይኹንድ'ምበር፡ እቲ መሪር ጉዕዞ ተመኩሮና ከም ዝምስክሮ፡ ካብኡ ዝሓይሽ ካልእ መተካእታ ንምርካብ ዝተኻየደ ጻዕርታት'ውን፣ ወጻኢ ካብ ቍጽጽርና ብምዃኑ ኣይተዓወትናሉን። ኣተሃላልዋ ደምበ ተቓውሞ ብሓፈሻ፡ ኣብዞም ዝስዕቡ ምድብ (CATEGORY)፡ ብኸም'ዚ ዝስዕብ ክነቕርቦ ሓጋዚ ረኺሒ ይኸውን'ዩ፡*

### 1. *ነባራት ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን፣*

*እተን ነባራት ውድባትን ሰልፍታትን፡ ነዊሕ ናይ ቃልሲ ታሪኽ ዘውንና፡ ኣብ ቃልሲ ሰውራ ኤርትራ ዓብይ እጃምን ኣስተዋጽኦን ዝነበረን፡ ሰውራ ዘበገሳን፡ ንምሉእ ነጻነት ክቃለሳ ዝጸንሓን ኮይነን፡ ኣብ 1991፡ ገለ ካብዚኣተን፡ ንኣሥመራ ዘብዘብ እናበላ ዝኣተዋን፣ እሞ ድሕሪ ቅሩብ እዋናት ድማ ናይ ጣዕሳ ምልክት ዘርኣያን ውሕዳት ኣይነበራን። እቲ ስርዓት ከኣ፡ (ብዓይኒ ፕሮፓጋንዳ) ፡ ነዚ ጉዳይ'ዚ ሕርሕራይ ገይሩ (ከኣ) ተበሊጽሉ'ዩ። እዚ ጉዳይ'ዚ ከኣ ነቲ ሰዒቡ ዝማዕበለ መስርሕ ተቓውሞ ንምድኻም ዓቢ ተራ ከም ዝነበሮ ዘይከሓድ ሓቂ ምዃኑ፡ ከስምረሉ እፈቱ። እተን ነቲ ናይ ህግደፍ ዲክታቶርያዊ መርሆ ነጺገን፡ ኣብ ሃገርና፡ ፍትሕን ዲሞክራስን ንኽነግስ፡ ብዘይምቍራጽ ዘይሕለል ቃልሰን ኣብ ምኪያድ ዝቐጸላ ውድባት፡ ውድብና ሓደ ካብአን ኮይኑ፣ ኣንጻር ኩሉ፡ ብዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ዝግበር ጭቆና፣ ኣንጊሁ ናይ ምቅዋም መትከላቱ ዘነጸረን ዘተባበዐን፡ ልዑል ተራ ዝተጻወተን ውድብ ምዃኑ፣ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ከይጠቐስኩ ክሓልፍ ኣይደልን። እዘን ውድባት እዚኣተን ድማ፡ ንፍቶ ንጽላእ፡ ዓንዲ ሕቆ ናይ ተቓወምቲ ሓይልታት ምዃነን፡ ወድዓዊ ሚዛን'ዩ ዝብል ዕግበት ኣለኒ። እንተኾነ (የግዳስ) እዘን ውድባት እዚኣተን ከም'ቲ ዝግባእ ናይ ስሕበት ዓቕሚ ከጥርያ ኣይከኣላን፡፡ እዚ ድማ ናቱ ምኽንያታት ኣለዎ፣ ገለ ካብኡ ንምጥቃስ፡ ምፍንጫላትን ናይ ስልጣን ውድድራትን፡ ኣብ ምድኻም ቃልሰና ዓብይ ተራ ነይርዎ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ቀዳምነት ክወሃቦም ዝግብኦም ኣገደስቲ ሃገር-ጠቀስ ጉዳያት፡ ብግቡእ መዚንካ፡ ቀዳማይ ቦታ ኣትሒዝካ ናይ ምስራዕ ብኩራት ዝፈጠረን እየን'ውን፡፡ ከም ናቱ ውጽኢት ድማ ናይ ራእይ ሕጽረት ኣንጊሱ። ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ ከኣ፡ ነቲ ተጠኒፍካን ተዋሂሂድካን ናይ ምስራሕ ጉዕዞ ኣብ ዘገምታ ዘእተወ እዩ። እዚ ማለት ግን፡ ምስ'ቲ ኩሉ እቲ ኣብ ፖለቲካዊ ዕዮ፡ ምስ'ቲ ከጋጥሙ ዝኽእሉ፡ ናይ ውረድ/ደይብ ምናልባታትን ጸገማትን፡ ብዙሕ ዝተሰርሐ ኣወንታዊ ስራሓት'ውን ከምዘሎ ክርሳዕ የብሉን፡ ንምሳሌ ምቛም ሰፊሕ ጽላል (ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ፡ ዲሞክራስያዊ ለውጢ) ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል።*

### 2. *ድሕሪ ነጻነት ዝተራእየ ምስረታ ውድባትን ምንቅስቓሳትን።*

*ድሕሪ ነጻነት ዝተመስረታ ውድባት ኮነ ምንቅስቓሳት፡ ቁጽረን ዉሑድ ኣይኮነን። ብሄራውን፣ ሃይማኖታውን ኣውራጃውን እንዳውን ወዘተ..፡ ዝተፋላለየ ድሕረ ባይታን ሕብርን ዝሓዛ ምንቅስቓሳት ኣብ ደንበ ተቓውሞ ተቐልቂለን እየን። ገለ ካብ'ተን ኣብ ደምበ ተቓውሞ ድምጸን ዘቃልሓ ንምጥቃስ፡ ( ዋን-ነሽን፣ ብሩህ መጻኢ፣ ፈልሲ ሰላም ዲሞክራስያዊ ኤርትራ፣ ምንቅስቓስ ይኣክልን) ብዙሓት ካልኦትን፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ብብሪጌድ ንሓመዱ ዝፍለጥ ምንቅስቓስ ተፈጢረን። ግለ ካብዚ ዝተፋላለየ ውደቤታት'ዚ፡ ዘይተነጸረ ቅርጻን ፕሮግራምን ዝሓዘ ኮይኑ፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞና ብዙሕ ድንግርግር ይፈጥር ምህላዉ ዘካትዕ ኣይኮነን።*

### 3. *ኣብ ትሕቲ ሰያመ በርገሳዊ ማሕበራት ዝንቀሳቐሱ ምትእኽኻባት፣*

*ኣብ ዝተወሰነ መድረኽ ቃልሲ፡ ኣብ ትሕቲ ሰያመ በርገሳዊ ማሕበራት፡ ዘይተኣደነ ቁጽሪ ማሕበራት ከም ቃንቲሻ (MUSHROOMS) ነብሰን መስሪተን ክዋሳኣ ኣብ ዝጀመራሉ እዋን፡ ብዘይካ እተን ኣዝየን ውሕዳት ካብኣተን) ፡ ነቲ ኣብ መንጎ በርገሳዊ ማሕበርን ፖሊቲካዊ ውድብን ዘሎ ባህርያዊ/መሰረታዊ ፍልልያት ከነጽራ ኣይከኣላን። እዚ ንባዕሉ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ናይ ድንግርግር ኩነታት ዝፈጠረ ጠንቂ ምንባሩ ክበርህ ኣለዎ።*

እዚ እቲ ሓፈሻዊ ስእሊ ክዉንነት ደምበ ተቓውሞ ኮይኑ፥ ብዙሓት ካብ ኣካላቱ መንነቶም ዘየነጸሩ፡ ተቓወምቲ መሲሎም ነቲ ንለዉጢ ዝካየድ ቃልሲ ዝዕንቅፉን፡ ንታሪኽ ሰውራናን፡ ነተን ፖለቲካዊ ውድባትን እናናሸዉ፡ ነቲ ሃገራዊ ቃልስና ከኣ ካልእ መኣዝን ከትሕዝዎ ዝዓጠቑ ውሑዳት ኣይኮኑን። እዚ ደምበ ተቓውሞ፡ ነባራት ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን፡ ከምኡ'ዉን በርገሳዊ ማሕበራትን ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ ንውድቀት ስርዓት ህግደፍ ዝቃለስን፡ ኣብ ሃገርና ድማ፣ ፍትሕን ማዕርነትን ዲሞክራስን ክነግስ ዝብል ቋንቋ ናይ ኩሎም ናይ ሓባር ሮቛሒ ደኣ (ኣድማሳዊ) ይኹን ደኣ'ምበር ፡ ኣብ ተግባር ግን፡ ኣብ ነንሕድሕዱ ዘይሳነን ዘይቃደውን ብምኳኑ፡ ነቲ ደምበ ተቓውሞ፡ ብሓደ ልሳንን ብሓደ ስትራተጅን ንኸይሰርሕ ዓብይ ዕንቅፋት ኮይንዎ ይርከብ። ከይዱ ከይዱ እዚ ክዉንነት'ዚ፡ ነቲ ከነዐውቶ ንቃለስ ዘለና ሃገራዊ መስመርን ዕላማን ዝዕንቅፍን፡ ንድሕሪት ዝጎትትን ኮይኑ፡ ኣብ ህዝብና (ብውሽጥን-ደገን) ምድንጋር ዝፈጥር ምኳኑ ብሩህ ኣብነት'ዩ። እዚ ኣብ ከም'ዚ ዝዓይነቱ ኩነታት ዝሕምብስ ዘሎ ደምበ ተቓዉሞ እምበኣር፡ ካብ ቅኑዕ ስትራተጂካዊ ኣረኣእያን ኣተሓስባን ተበጊሱ፡ ናብ ዓበይቲ ሃገር ጠቀስ ጉዳያት ዘማዕደወ ፖለቲካዊ ዕዮ ኣብ ምኪያድ ክጸምድ ምተገበአ። ነቲ ኣብ ደምበ ተቓዉሞ ነጊሡ ዘሎ ክዉንነት ንምልዋጥ፡ ምስ መን ንሰርሕ ዝብል ሕቶ፡ ቀዳምነት ነልብሶ ሃገራዊ ሓላፍነትና ኮይኑ፡ እዚ መስመር'ዚ ስጋብ ዝተኸተልና፡ ተግባርነቱ ንምርግጋጽ፡ ብዕቱብነትን ተወፋይነትን ዝተሰነየ፡ ሃናጺ ቃልስና ንጥቕሚ ሃገርናን ህዝብናን ቀዳማይ ቦታ ዘትሓዘ፡ ጻዕርታት ውድብና፡ ወትሩ ቀጻሊ ይኸዉን። ስለ ዝኾነ ከኣ፥ ምስ ዝኾነ ይኹን ሓይልታት እንገብሮ ናይ ሓባር ስራሕ፡ ኣብ'ዚ ዝስዕብ መትከላት ዘትከለ ይኸውን፡ ንሱ ከኣ፥

1. ኣብ ሃገራዊ መትከላት መሰረቱ ዝገበረ ዝምድና ምርግጋጽ፣
2. ልኡላዉነትን፡ ነጻ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ውሳኔን ዘውሕስ መትከላዊ እምንቶ
3. ምርግጋጽ፣
4. ኣብቲ ኣንጻር ውልቀ መላኺ ዝግበር ናይ ለውጢ ቃልሲ፡ ዝኾነ መልክዕ ይሃልዎ ብዘየገድስ፡ ናይ ወጻኢ ሓይሊ ኢደ ኣታዉነት ዘወገደ፡ ጉዳይ ኤርትራ ብኤርትራዊ ዓቕሚ ጥራሕ ዝፍጸም ሃገራዊ ዕማም ምኳኑ ምርግጋጽ።

### ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለዉጢ።

ኣቓድም ኣቢልና ብዛዕባ ኣተሃላልዋ ደምበ ተቓውሞ፡ ንኩውንነቱን ኣተሃላልዋኡን ብዝምልከት፡ ሓፈሻዊ ስእሊ ኣቕሚጥና ነርና። ብዛዕባ ሃገራዊ ባይቶ ክንዛረብ እንተኾይና፡ ካብ'ቲ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዘሎ ክዉንነት እና ክንብገስ። እዚ ሃገራዊ ትካል'ዚ፡ ኣብ 2011 ኣብ ከተማ ኣዋሳ፡ 630 ዝኾኑ ሃገራውያን፡ ካብ ኩሉ ኩርነዓት ዓለም ዝተሳተፍዎ፡ ዓብይን ሰፊሕን ዋዕላ ምንባሩ ዝዝከር'ዩ። ኣቦ-መንበሩ ኮይኑ ከኣ ንኣስታት ኣርባዕተ ዓመታት ዝኣክል ኣነ መሪሐዮ። እዚ ሰፊሕ ጽላል፡ ውድባትን በርገሳዊ ማሕበራትን፡ ዓበይቲ ሃገራዉያንን፡ መንፈሳዉያን መራሕትን፡ ዘቖምዎ ኣገዳሲ ትካል'ዩ። ሃገራዊ ባይቶ ውድብ ኣይኮነን፡ የግዳስ ዝተፋላለየ ስነ-ሓሳብን እምነታትን ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ዝውንኑ፡ ዝተወደቡ፡ ኣካላት ዝጸምበረ፡ ሰፊሕ ሓቛፊ ዓውዲ ልዝብ'ዩ። ሓደ ካብ'ቲ ጸጋታቱ፡ ብዙሓት ካብተን ውድባት ኣብ ነንሕድሕደን ክላለያን ክቃራረባን፡ ናብ ሓድነት ከምርሓን ዕድላት



ረኺበን። እዚ ድማ ሓደ ካብ'ቲ ብኣዎንታ ዝውሰድ ኣብነት እዩ። ስለምንታይ እዚ ትካል'ዚ ክሰፍሕን ክዓብን ዘይከኣለ ዝብል ሕቶ፡ እቲ ክዉንነትን ኣተሃላልዋን ናይ ደምበ ተቓውሞ ዝምልሾ ሕቶ እዩ። ይኹን'ምበር ምስ ኩሉ እቲ ካብ መድረኽ ናብ መድረኽ ከጋጥም ዝጸንሐ ምስንኻላት፡ ነዚ ኩሉ ሰጊሩ፡ ካልኣይ ጉባኤኡ ኣብ ከተማ ስቶክሆልም

*ኣካይዱ፡ ስጋብ ሕጂ ምቕጻሉ ብዙሕ ጻዕርን ጉልበትን ስራሕን ዝወሰደ’ዩ። ሕጂ እንተኾነ’ዉን፡ መበል ሳልሳይ ጉባኤኡ ንምክያድ ዝሸባሸበሉ ዘሎ ግዜ እዩ። ብዛዕባ ኣገዳስነቱ ደጊምካ ምንጻሩ እንተዘይኮይኑ፥ ብፍላይ ኣብ’ዚ ዘለናዮ እዋን፡ ኣብ ከባቢናን፡ ኣብ ዓለምን፡ ናይ ጀዮ-ስትራተጂ ለውጢ ክዉን እናኾነ ይስጉም ስለ ዘሎ፡ ሃገራዊ ባይቶ፡ ከም ትካል፡ ኣድላይነቱን ቀጻልነቱን፡ ነቲ መስመር ቃልስና ዘሰኒ፡ ሓያል ዲፕሎማስያውን ማሕበራውን ጎኒ ምዃኑ ክንስሕቶ ኣይግባእን። በዚ ኣጋጣሚ ክበርህ ዘለዎ ጉዳይ ግን ኣሎ፡ ሃገራዊ ባይቶ ተመኩሮኡ መዚኑ፡ ብወድዕነት ነፍሱ ክግምግም ኣለዎ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ዳግመ ስርርዕ ኣካይዱ፡ ጠርናፊ ሓይሊ ኮይኑ ብሓድሽ መልክዕ ንኽብገስ ከኣ ነተባብዕ።*

***ኣብ ብዙሓት ምዕራባውያን ሃገራት ብርክት ዝበላ ዝነጥፉ ሲቪላውያን ምንቅስቓሳት ኣለዋ፡ ብፍላይ ድሕር’ቲ ኣብ መንጎ ፈደራኣል መንግስቲ ኢትዮጵያን መንግስቲ ክልል ትግራይን ዝተኻየደ ውግእ፡ ኣብ ርእሲ’ቲ ዘቃልሖኦ ዝነበራ ትሑት ፖለቲካዊ መልእኽትታት፥ ብዙሓት ካብኣተን ምስ ናይ ወጻኢ ሓይሊ-(ትግራይ) ርኽክብ ኣለወን ተባሂለን ይኽሰሳ። ናብ’ቲ ዕላማኻ ናይ ምብጻሕ፡ ብሓይሊ ዝተሰነየ ስጉምቲ ምውሳድ ተደሚርዎ፡፡ እኩብ ድምር ናይ’ዚ ኩሉ ድዩ፥ ናይ’ቲ ክስታት ቀንዲ መበገሲ ክኸውን ዝኽኣለ?***

*እዚ ሕቶ’ዚ፡ ኣገዳሲ ዝኾነሉ ምኽንያታት፡ ምስቲ ኣብ መንጎ ፈደራል መንግስቲ ኢዮጵያን/ክልል ትግራይን ዝተባረዐ ውግእ መላግቦ ዘለዎ ጉዳይ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ሸነኻት ውግእ ኣብ ዝካየደሉ ዝነበረ እዋንን ብድሕሪኡን፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ፡ ከቢድ ፖለቲካውን ማሕበራውን ቅልውላው ከም ዘስዓበ፡ ማንም ካባና ዝስሕቶ ጉዳይ ኣይኮነን። እቲ ኩነታት ድማ ንሓይልታት ደምበ ተቓውሞ ብሓፈሻ፡ ንባብን ገምጋምን ናይ’ቲ ውግእን ብዝምልከት፡ ካብ ዘቤታዊ እምንቶን ዝንባሌታትን ዝነቐለ፡ ዝተፋላለየ ፖለቲካዊ መርገጺት ንኽሕዙ ገይርዎም’ዩ። ኣብ’ኡ ጥራሕ’ውን ከይተወሰነ፥ ማሕበራውን ሃይማኖታውን ብሄራውን ስምዒታት ዘለዓዓለ ድጉል ጠንቂ፥ ነቲ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ሰፊኑ ዝጸንሐ፡ ድኹም ስኒትን ኣንፈትን፡ ሓድሽ ሃልሃልታ ተወሲኽዎ ምባል’ውን ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን።*

*ብቕድመ ተኸተል ኣብ መበል ራብዓይ ተርታ ዝቐረበለይ ሕቶታት፡ ዝሃብክዎ መልሲ፥ ደምበ ተቓውሞ፡ ብሓደ ህርመት ይጓዓዝ ከምዘይነበረን፡ ብፍላይ ድማ፡ ብዛዕባ ምደባን (COMPOSITION) ቅርጺ ናይ’ተን ሓይልታት ድሕረ ባይታን፡ ከመይ ይመስል፡ ኣስፍሕ ኣቢለ ብዝርዝር ኣብሪሀዮ ነይረ። ስርዓት ውልቀ መላኺ፡ ኣብ ዘይምልከቶ ጉዳይ፡ ኣብ ጕኒ ፈደራል መንግስቲ ኢትዮጵያ ወጊኑ፡ ኣብ’ቲ ውሽጣዊ ኩናት ኢትዮጵያ ምክፋሉ፡ ታሪኻዊ ገበን*



ምኽኑ፡ ኣብ እዋኑ ብዕሊ መርገጽና ኣነጺርና ምንባርና ዘዝከር'ዩ። በቲ ስርዓትን ደገፍቱን ከወሃብ ዝጸንሐ ዕባራ ዝደጋገም ምኽንያት፡ "ነቲ ኣብ ትሕቲ ወያነ ዝነበረ መሬት ኤርትራ ነጻ ከነውጽእ ዝኣተናዮ ውግእ" ዝዓይነቱ ኣዘራርባ፡ ናይ ታሪኽ ኣሽካዕላል ኮይኑ፡ ኣብቲ ንህዝቢ ኤርትራ ዘይምልከቶ ኲናት'ቲ ምስታፍ፣ ንረብሓ ውልቀ መላኺ ንምርዋይን፡ ብመንእሰይ ኤርትራ ምጥላዕን እዩ። መንእሰይ ሃገርና ዝኸፈልዎ ከቢድ መስዋእትን፡ ቁጽሮምን ብዝምልከት ከኣ፣ ንህዝብን ስድራ-ቤቶምን ስጋብ ሕጂ በቲ ስርዓት ከይተገልጸ ተደፊኑ ምትራፉ፡ ሕልና ዘይብሉ ስርዓት ምኽኑ የመልክት። እቲ ውግእ ኣብ ዝካየደሉ ዝነበረ እዋንን፡ ቀጺሉ ድሕርኡ እንተኾነ'ውን፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዝተራእየ ትንተናዊ ራእይ፡ ሓደ ካብኡ መለለይ መንነትን-ዜግነትን ሓዋዊሶም ዝጭርሑ፡ "ዘግነተይ ኤርትራዊ መበቆለይ ትግራይ" ካብ ኮነ ምስ ትግራይ ኮይንካ ነዚ ኣብ ኣስመራ ዘሎ ስርዓት ንምውዳቕ፡ ከም ረብሓ ገይሮም ዝወሰድዎ ሸነኻት፡ ሰሚዕናን ርኢናን ኢና። ኤርትራዊ መንነትና ኣብ ምልክት ሕቶ ንምእታው ዝተኻየደን፡ ገና'ውን (ብዝተፋላለየ ናይ መድያታት ማዕከናትን ልሂቓንን) ዝቃላሕ ዘሎ መርዛም ኣተሓሳስባን ወፈራታትን፡ ኩላትና ንከታተሎ ዘለና ኮይኑ፡ ግቡእ ኣቓልቦ ክንህበሉ ግድን'ዩ። ነዚ ናይ ሕጂ ውልቀ መላኺ ስርዓት ንምልዋጥ ፡ ናይ ወጻኢ ኣእዳው ዝተሓወሶ ምስ ዝኸዉን፡ (ሽሕ እኳ ሓይሊ ኣጥርዩ፡ ነቲ ስርዓት ክኣልዮ እንተኻኣለ) ፡ ኣብ ገዛእ ሃገርካን መሬትካን ግን ናይ ካልኦት ግዙኣት ኮንካ ዳግማይ ኣብ ትሕቲ ባርነት ምውዳቕ ካብ ምኧን ሓልፉ፣ ካልእ ትርጉም ክህልዎ ስለ ዘይክእል፡ ንሕና፡ ከም ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፣ ንኸምዚ ዝዓይነቱ ለውጢ፡ ብትሪ ኣንጻሩ ምኧና፡ መርገጽና ደጊምና ነነጽር። ከምኡ'ውን ገለ ካብ'ተን ውድባትን ካልኦት ሓይልታትን ዝሓወሰ፡ ምስ እቲ ስርዓት፡ ናይ ምድንጋጽ ዝምባሌ ዘርኣዩ'ውን፡ ነቲ ደምበ ተቓዉሞ ኣብ ፍልልይ ተሸሚሙ ንኸቕጽል ዓብይ ተራ ጸኒሕዎም'ዩ። ብደረጃ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለዉጢ ዝተወሰደ መርገጽ ድማ፡ ነቲ ሃገራዊ መስመር ዘቃለሐን ዘጉለሀን፡ ንሓድነት ህዝብናን ልኡላውነት ሃገርናን ዘዕቅብ ዘይዋላወል መርገጽ ኮይኑ፡ ውድብና እንተኾነ'ውን፡ ነቲ ሃገራዊ መርገጽ'ዚ ዝድግፍ መስመር ኣብ ምቅላሕ፡ እጃሙ ካብ ምልዓል ዓዲ ኣይውዕልን እዩ።

ብሪገድ ንሓመዱ፡ እዚ ምንቅስቓስ'ዚ፡ ካብቲ ካልእ ፍሉይ ዝገብሮ፡ ብመንእሰያት ዝምራሕ ምንቅስቓስ ስለ ዝኾነ፣ ብዕሙቕ ዝበለ ክንመዝኖ ይግባእ። ብሪጌድ ንሓመዱ፡ እቲ ዝተኸተልዎ ስልትን ኣገባብን፡ ኣብ ደንበ ተቓዉሞ ብዙሕ ዘካትዕ ኣርእስቲ ኮይኑ ጸንሑ'ዩ። ሰላማዊ ሰልፍታት፡ ኣንጻር ውልቀ መላኺ ስርዓት ከካይዱ ብመትከል ቅቡል'ዩ፡ እንተኾነ ናይተን ሰላማዊ ሰልፊ ንኸግበር ዘፍቅዳ ሃገራት ዝጠልቦ ሕጋዊ ሸነኻት ዘይምኽባሮም ግን፡ ውድብና ኣሉታዊ ሳዕቤናቱ ኣብ ግምት ዘእተወ፡ ነቓፊ ሚዛን ኣንጊሁ ከም ዝሓዘ፡ ዝዝከር'ዩ፣ ናይቲ ዝተኸተልዎ ኣግባብ ውጽኢት ከም ዝሕብሮ ድማ፣ ኣብ ዝተፋላለየ ሃገራት ኤውሮጳ፡ ብዙሓት ካብ መራሕትን ኣባላትን ብሪጌድ ንሓመዱ፡ ብፖሊስ ተኸሲሶም፡ ናብ ፍርዲ ክቐርቡ ጸኒሖም።። ብኻልኣይ ደረጃ ድማ፣ ነቲ ናይ ደንበ ተቓውሞ ቃልሲ ብጠቕላላ ጉጉይ ገጽ ከልብሶ ይኽእል እዩ። ብሳልሳይ ደረጃ እንተኾነ'ውን፡ ንዳሕረዎት ሓተቲ ዑቕባ ኤርትራውያን'ውን ኣሉታዊ ባይታ፣ ንኸየጋጥሞም ዘሰግእ ኩነታት ዝፈጥር እዩ። ከም ራብዓይ ነጥቢ'ውን፣ ፖለቲካውን ሕብረተ-ሰብኣውን ዑምቀቱን፡ ዕላማኡን ዘይነጸረ ህዝባዊ ምንቅስቓስ፡ ኣብ መወዳእታ እቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት፣ ኣብ ውሽጡ ብምታው ኮነ፡ ብደገ ኮይኑ፡ ንኸምዝምዞ ኣፍደገ ዝኸፍት እዩ።፡

መንቀሊ ናይዚ ማዕበል'ዚ፡ ካብቲ እቲ ስርዓት ኣብ ርእሶም ይኹን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጠሮን ገና ዝፈጥሮ ዘሎ ስቓይን ሕሰመ-መከራን ዝነቐለ ምኧኑ ብሩህ እዩ። እንተኾነ እዚ ከምዚ ዝኣምሰለ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ብሓፈሻ፡ ኣብ ልዕሊ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ ዝወርድ ዘሎ ናይ መከራን ሕሰምን ኣደራዕ፣ ብናይ ኩሉ ሕብረተሰብ ኤርትራ ጥርናፈን ሓድነትን ምስ ዝምከት ጥራሕ እዩ ዕድሚኡ ክሓጽር ዝኽእል ዝብል እምነት ኣለና። መንእሰያትና'ውን፡ እዚ ናይ ቃልሲ መርሆ'ዚ ግንዛበን እምነትን ምስ ዝዓጥቁ ጥራሕ እዮም፣ ኣድማዕን ንጹርን ዝኾነ ፖለቲካውን ማሕበራውን ግብኦም ከበርክቱ ዝኽእሉ በሃሊ እየ ብወገነይ። ፖለቲካውን ሕብረተ-ሰብኣውን ዑምቀቱን ዕላማኡን ዘይነጸረ ህዝባዊ ምንቅስቓስ፡ ኣብ መወዳእታ በቲ ስርዓት ንኸምዝመዝ ዕድል ስለ ዝኸፍት፡ ናብ ረብሓኡ ከይውዕል ውሕሉል ጥንቃቐ ይሓትት።፡ ከም ግንባር ሃገርዊ ድ ኤርትራ፣ ናይዚ ምንቅስቓስ'ዚ ናይ ሓጺርን ነዊሕን ጉዕዞ ናይ ቃልሲ ኣብ ግምት ወሲድና፡ ኣብ መጽናዕቲ ዘይተመርኮሰ

መርገጽ ካብ ምቅላሕ ተቐጢብና ጸኒሕና። በዝን በትን ዝቃልሑ ሚዛናዊ ዘይኮኑ፣ ብፍላይ ከኣ ሓድነት ህዝብና ዘይዕድሙ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ዝስምዑ ድምጽታት ክንሰምዕ እንከዝለና ግን፡ ስክፍታ ክሓድረናን ክነልዕሎን ባህርያዊ'ዩ። ነዚ ዘረጋግጾ ድማ፣ ቃለ መሕትት ሃፍቶም ተስፋሁነይ፡ ዋና ጸሓፊ ናይ ብርጌድ ንሓመዱ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ፡ ሓደ ካብ'ቲ ብዙሕ ኣብነታት'ዩ። እቲካብ ነዊሕ እዋን ክስማዕ ዝጸንሐ ዘይርጉጽ ምናልባታት፡ እነሆ ሎሚ ኣብ ኢትዮጵያ ዓስኪሮም ምህላዎም ክዉን ኮይኑ ዘሎ ይመስል ??፡፡ እዚ ሓድሽ ምዕብልና ምኟኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እንታይ ሜላ ከማዕብሉን፡ ናበይ ከብሉን ምኟኖም ከኣ፡ ብሕጂ ዝረአን፡ ምክትታል ዝሓትትን ኣገዳሲ ጉዳይ ምኟኑ ከስምረሉ እፈቱ። ይኹን'ምበር፡ እዚ ምንቅስቓስ'ዚ ኣብ ውሽጡ ብዙሕ ዝንባሌታት ዝሓቖፈ ኮይኑ፡ ንኤርትራውነቶምን፡ ሓድነት ሃገሮምን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘየእትዉ ኣካላት ከም ዘለዉ'ውን፡ ምስ ግዜን ኩነታትን፡ ክንጸረልና ተስፋ እገብር።

***ኣብ ወጻኢ ሃገራት፡ እቶም ኣብ ትሕቲ ጉልባብ ሲቪላውን ፖለቲካውን ምንቅስቓስ ዝዋስኡ ዘለዉ፡ ናይ ጽልኢ መንፈስን ዓሌትነትን ዘቃልሑ ኣካላት፡ ህዝቢ ኤርትራ ክዕዘቦም ጸኒሑ እዩ። እዞም ከም'ዚ ዝኣመሰሉ ሓደገኛ ኣተሓሳስባታት እንታይ ስክፍታ የላዕሉልካ? ብናትካ ኣረኣእያኸ፡ ነቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝኽተሎ ጨዳድ ዝኸፍት ተግባራት ኣብ ግምት ብምእታው፡ እዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሓደገኛ ዝኾኑ ኣተሓሳስባታት፡ ንሓድነት ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ስጋብ ክንደይ እዩ ፈታንን ኣስጋእን ዝገብሮ?***

እዚ ሕቶ'ዚ ድሕሪ 33 ዓመታት ኣብ ሃገርና ኤርትራ፡ ተኸሲቱ ንዘሎ ፖለቲካውን ማሕበራውን ክዉንነት እንታይ ይመስል ዝዓለመ፡ ኣዝዩ ኣገዳሲ ሕቶ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ'ዚ ዘለናዮ መድረኽ፡ ብቕንዕናን ትብዓትን መልሲ ዝሓትት እዩ ምባል ናይ ሕልና ሕቶ'ዩ። ነዚ ኣብ ወጻኢ ክነብር ዝጸንሐን ዘሎን ሕብረተሰብ ኤርትራ ፡ ፖለቲካዊ መግለጺ ክንህበሉ እንተኾይና፡ ኣብ ዓሚቕ ማሕበራዊ ቅልውላው ተሸሚሙ ይጓዓዝ ምህላዉ ዘይስገር ሓቂ'ዩ፡፡ በዚ ምኽንያት'ዚ፥ እቲ ደምበ ተቓውሞ ኣብ ዕሱብ ዓንኬል ጥሒሉ፡ ኣብ ዕንክሊል ክነብር ይገብሮ። ናይ ኣተሓሳስባ ውህደትን፡ ተሳኒኻን ተረዳድእካን፡ ለውጢ ንምርግጋጽን፡ ነቲ ድሒሩ ክመጽእ ዝኽእል መስርሕ ህንጸት ዲሞክራሲያዊ ስርዓትን፡ ፍትሕን፡ ሰላምን ንምዕዋት፡ እቲ ደምበ ተቓውሞ ብናይ ሓባር ውጥን ተማእኪሉን፡ ጠማሪ ናይ ቃልሲ መሪሕ ጎደና ሓንጺጹን፡ ብእኡ ተማእኪሉን ተማእዚዙን ንኽሰርሕ ዘኽእሎ ኣንፈት ከትሕዞ ምሉእ ብምሉእ ዛጊት ኣይተዓወተን ዘሎ፡፡ ሓደ ሕብረተሰብ፡ ሃይማኖታውን ማሕበራውን ቀቢላውን እንዳውን ኣውራጃውን ዋንነቱ ኣኽቢሩ፡ ምስቶም ካልኦት ሃገራውን መሻርኽቲ ኣብ ቃልሲ ዝኾኑ ኣካላት ናይ'ቲ ሕብረተሰብ፡ ኩላቶም ተሳንዮምን ተኸባቢሮምን ንኽነብሩ ዘኽእሎም ክዉንነት ክፈጥሩ፡ ኣድማሳዊ ሓላፍነት፡ ንኹሎም ኣካላት (ክርስትያን ይኹኑ ኣስላም) ሕብረተሰብና ዝምልከት ሃገራዊ ግዴታ ምኟኑ ከስምረሉ እፈቱ። ቁስልኻ ሓቢእካ፡ ምስ ተግባራትካ ዝራጸም፡ ሓደ ኢና፡ ኣሕዋት ኢና ምባል፡ ንፋስ ዝወስዶ፡ ናይ ቀልዓለምን ፋይዳ ዘይብሉን ዘረባ ንጎኒ ሓዲግና፡ ብቕንዕና ክንሓስብን ክንዛረብን እቲ ዘለናዮ መድረኽ ዝሓቶ ክውንነት'ዩ ። ሃገራዊ ምትእምማን ምህናጽ፡ ካብ ስነ-ሓሳብ ዝተበገሰን፣ ብእኡ ዝተሰነየን ምስ ዝኸውን፥ ሓድነት ናይ ሕብረተ-ሰብናን ሃገርናን ዘረጋግጽ እንኮ ውሕስነት'ዩ። እዞም ኣስላምዶ እዞም ክርስትያን፣ እዞም መታሕትባ እዞም ከበሳባ፣ ወዘተ እንዳበልካ፡ ብኸም'ዚ ፈላላይን ስንኩፍን ዝኾነ ኣተሓሳስባን ፡ ኩልና ነጽልለላ ጥዕይትን ኣካቢትን ሃገር ክንሃንጽ ይካኣል'ዶ? ነዚ ሕቶ ብቅንዕና መልሲ ክንህበሉ ይግባእ። ድሕሪ 33 ነዊሕ ዓመታት፡ ናብ ከምዚ ዝዓይነቱ ኩነታት፡ ንድሕሪት ክንጉተት ዓብይ ሃገራዊ ጥልመት'ዩ። እዛ ሎሚ ብሓይሊ ጸጥታን ወታሃደርን ብድግስ ሓጺን ትመሓደር ዘላ ሃገር፡ እዚ ጨቋኒ መግዛእቲ፡ ናብ ዘበለ ምስ ዘብል፡ ስልጣኑ ኣብ ዘብቀዓሉ እዋን ግን፡ እቲ ተደጕሉ ዝጸንሐ ሕቡእ ስምዒታት ናብ ቃልዕ ወጺኡ ንኽግንፍል፡ ዕድል ኣብ ዝረኸበሉ እዋን፡ ንኽቱኮስ ከኣ ዓጋቲ የልብሉን ዝብል ስክፍታ ክሓድረና ናይ ምናልባታት ሕቶ ይኹን'በር፡ ሃገርና ናብ ከም'ዚ ዝዓይነቱ ዓዘቕቲ ንኸይትጥሕል፡ ቀልዓለም ንጐድኒ ሓዲግና፡ ደፊርና ሓቂ ንኽንዛረብ ዓቕሚ ከነጥሪ ይግባእ። ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ እቲ ንዓና ዝምልከተና ግን እቲ በዓል-ቤታዊ ሮቛሒ እዩ። እቲ ስርዓት ስልጣን ካብ ዝጭብጥ ክሳብ ሎሚ ዕለት፡ ስልጣኑ ንምንዋሕ፡ ናይ ፈላሊኻ ምግዛእ ስልቲ፡

ብውሽጢ ሃገር ኮነ ብግዳም፡ ክሰርሓሉ ዝጸንሐን ዘሎን ኣሉታዊ መሓውር እዩ። ኣብ ርሑቕ ከይከድና፡ ጉጅለ ህግደፍ ዝኸተሎ ስነ-ሓሳብ (IDEOLOGY) ኣብ ምንታይ ዘጸለለን ዘትከለን እዩ ዝብል ሕቶ ክንምልሽ ይግባእ። ንፍቶ ንጸላእ፡ ሃገርና ኣብ ትሕቲ **"ንሕናን ዕላማናን"** ዝሰረቱ ስነ-ሓሳብ ትመሓደር ዘላ ሃገር እያ። ህግደፍ፡ ካብ'ዚ ስነ-ሓሳብ'ዚ ገና ኣይተላቐቐን ምባል ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን፡ ኣካይዳኡን ተግባራቱን ዝምስክሮ ክውንነት'ዩ ሰፊኑ ዝርከብ ዘሎ። ኣሥመራ ድሕሪ ምእታዎም፡ ነቲ ካብ ሳሕል ሒዘሞ ዝኣተዉ ኣግላሊ ስነ-ሓሳብ፡ ብረቂቕ መጽናዕቲ ዝተንልበበ ስልቲ ኣብ ባይታ ክትግብርዎ በቒዖም'ዮም። ኣብ'ዚ ዝሓለፈ 33 ዓመታት ኣብ ማሕበራዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ መዳያት፡ እንታይነት ናይ ስነ-ሓሳብ ጉጅለ ህግደፍ ዘንጸባርቕ ተግባራት፡ ንተመራመርቲ ዝሕደግ ጉዳይ ኮይኑ፡ ተቐቢሩ ዝነብር ታሪኽ ግን ኣይክህሉን'ዩ፡ ውዒሉ ሓዲሩ ከኣ፡ እቲ ሓቅታት ንህዝብና ክበርሃሉ'ዩ። እቲ ኣብ ደገ ዝነብር ሕብረተ-ሰብና እንተኾነ'ውን በቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ክዉንነት ዝግዛእን፡ ብሉ ዝጸለውን ምኳኑ፡ ፈላሊኻ ዝረአ ጉዳይ ኣይኮነን። ስለ ዝኾነ ከኣ፥ እቲ ሃገር ዝመርሕ ዘሎ ኣካል ንርእሱ ዘይጣዓየ፡ ነቲ ብግዳም ዘሎ ህዝቢ (ሕብረተ-ሰብ) ኣብ ቅልውላዉ ንኽነብር፡ ይራኺ ተራ ይህልዎ። ነዚ ዘረጋግጽ ኣብነት ከኣ፡ በቶም እቲ ስርዓት ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዘቐሞም ማሕበረ ኮማት፡ ነቲ ኣብ ግዳም ዝነብር ሕብረተ-ሰብ፡ ካብ ተጽዕኖታት ነጻ ኮይኖም ንኸይሓስቡን ንኸይመራመሩን፡ ብኣንጻሩ ድማ፡ ግዙኣት ናይ ፍርሒ ኣደዳ ኮይኖም፡ ኣብ ጽልእን ዘይምቅዳውን ተሸሚሞም ንኽነብሩ ብመደብ ሰሪሖምሉ እዮም። እዚ ከኣ፡ ነቲ ማሕበራዊ ክዉንነቶም ከይተረፈ ብኣሉታ ዝጸልዎ ምኳኑ፡ ኣብ ባይታ ንዕዘቦ ንጹር ኣብነት'ዩ። እቲ ስርዓት፡ ብጥቕሚ ሃገር ዝሓስብ ስርዓት እንተዝነብር ነይሩ፡ ሓድነትን ስኒትን ዘውሕስ፣ ቅኑዕ ኣንፈት ክትሕዞ ምኸኣለ፣ ግን (የግዳስ) ኣይደለየን። ሓደ ካብ'ቲ ብዙሕ ኣብነታት ንምጥቃስ ዝኣክል፥ ደቂ ሓንቲ መሬትን፡ ሃገርን፡ ደቂ ሓንቲ ሃይማኖትን፡ ደገፍትን ተቓወምትን፡ ነናቶም ዝጸልይሉ ኣብያተ ክርስትያናትን ከም'ውን ካህናትን ምፍልላይ፥ ዑምቀት ናይ'ቲ ማሕበራዊ ቅሉውላው፡ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ዝመልከት'ዩ። እዚ ኣብ ኤውሮጳን ኣመሪካን ካልእ ቦታታትን ተፈጢሩ ንዘሎ ጠንቂ ናይ'ዚ ማሕበራዊ ፍልልይ'ዚ፥ እቲ ስርዓት ዝሰከሞ ሓላፍነት ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ፡ ነቲ ሲኖዶስ ኦርቶዶክሳዊት ቤት ክርስትያን ንምቁጽጻር፡ በቲ ስርዓት ዝተኣልመ ውዲት፡ ቀጥታ ውጽኢት ናይ'ቲ ንሱ ዝፈጸሞ ዘይሕጋዊነት ምኳኑ ዘጠራጥር ጉዳይ ኣይኮነን። ኣብ እስልምና እንተኾነ'ውን እቲ ኣውቃፍ (AWQAF) ካብ ኢደ-ምትእትታው ኣይደሓነን፡ ንሱ'ውን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ናይ'ቲ ገባቲ ስርዓት ወዲቑ ይርከብ። ከም'ዉን



ኣብ'ቲ እስላማዊ ሕብረተሰብ፡ በቲ ስርዓትን መሓውራቱን ዝካየዱ ውጥናት፡ ብዝተፋላለየ ስልታዊ ኣገባባት፡ ሕድሕዳዊ ዘይምቅዳውን ዘይምትእምማንን ንምፍጣር፡ ለይቲ ምስ መዓልቲ ካብቲ እከይ ተግባራቶም ኣይተቐጠቡን። እዚ ሓደ ገጽ ናይ'ቲ ዘቤታዊ ፖለቲካዊ ክውንነትና ኮይኑ፥ ድሕሪ እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ዉግእ፡ ዝተራእየ ኣሉታዊ ምዕባልና፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ንሱ ዝፈጠሮ ድንግርግርን፡ ዘሰዓቦ ፖለቲካዊ ቅሉውላውን'ውን ኣቃሊልካ ዝምዘን'ውን ኣይኮነን። ብዙሓት ካብ ኣካላቱ መንነቶም ዘየነጸሩ፡ ተቓወምቲ ተመሲሎም፡ ነቲ ንለውጢ ዝካየድ ቃልሲ ዝዕንቅፉን፡ ነቲ ሃገራዊ ቃልስና ከኣ ካልእ መኣዝን ክትሕዝዎ ዝዓጠቑን ውሑዳት ኣይኮኑን። ኣብቲ እዋንቲ ነቲ ኣብ ዓውደ-ውግእ ዝካየድ ዝነበረ መስርሕ፡ ብብዙሓት ኤርትራውያንን ተጋሩን መሰረት ዘይብሉ ሓሶት ሓቂ፡ ከቃልሑን ከዳምጹን ምጽንሖም ዝዝከር ኮይኑ፥ ናይ ጽልኢ መንፈስን ዘይጥዑይ፡ ናይ ዓሌት (ጥባሕ-ጥባሕ) ክሲ ከስንዝሩ ተሰሚዖም፡፡ ሓድነት ህዝብና ንምብታን ዝግበሩ ፈተነታት፡ ብናይ ግዳም ኢድ

*ምትእትታው፡ ኣብኡ ዝተሓጸረ ጥራሕ ኣብ ክንዲ ዝኸውን፥ እቲ ስርዓት እንተኾነ’ውን፡ ናቱ ኣሉታዊ ተራን ግደን ኣለዎ። ንኣብነት፡ ነቲ ናይ ፎርቶ ምንቅስቓስ፡ ብጅግና ተጋዳላይ ስዒድ ዓሊ ሓጃይ (ወድ ዓሊ) ዝተኻየደ መስርሕ ለውጢ፡ ኣንጻር ግዝኣተ ውልቀ መላኺ፡ እቲ ስርዓት ከም ናይ ኣስላም ምንቅስቓስ ገይሩ ከቕርቦ ዝፈተነ ፍሹል ፕሮፓጋንዳ፡ ኩሎም ደቂ ሃገር ዝዝክርዎ ኣብነት’ዩ። እዚ ከይኣክል፡ ነቲ ናይ ሸኽ ሙሳ “እምብለይ” እንተኾነ’ውን፡ ሃይማኖታዊ ቅብኣት ሂቡ፡ ዘይመልክዑ ከትሕዞ፡ በቲ ስርዓት ዝተኻየደ ፈተነ፡ ቀንዲ ዕላማኡ ህዝብና ነቲ ስርዓት ሰሚሩ ንኸይምክቶ ዝሓለነ ናይ ምትላል ስልቲ ምንባሩ ዝዝከር’ዩ። እዞም ኣሉታዊ ተመኩሮታት ኣብ ግምት ወሲድና፡ ህዝብና ሃይማኖታቱን እንዳዉን ኣዉራጃዊ ዋንነቱን ኣኽብሩ፡ ንሓድነቱ ኣጽንዑ ክቃለስ ኣለዎ። ልኡላውነት ናይ እዛ ክብርቲ ሃገር ንምርግጋጽ፡ ኣስላምን ክርስትያንን፡ ማዕረ ዋጋን መስዋእትን ከፊሎም፡ ዘረጋገጽዎ ሃገራዊ ዓወት ኮይኑ፡ ነዚ መተካእታ ዘይብሉ ጸጋ፡ ስኒትና መዐቀኒ ሓድነት ህዝብናን ሃገርናን’ዩ።*

***ናጽነት ሃገርና ካብ ዝረጋገጽ ድሮ 33 ዓመታት ሓሊፉ። ብርእይቶኻ፡ እቶም ኣብ 33 ዓመት ዛጊት ዘይተረጋገጹ ዘለዉ ሃገራዊ መሰላት ምገለጽካልና ዶ?***

*ነጻነት ኤርትራ ክዉን ካብ ዝኸውን፡ እዚ ንመበል 33 ዓመት ነብዕሎ ዘለና ጽምብል ናቱ ኣብነት እዩ፡፡ ኣነን ከም’ዚ ኸማይን ብተወፋይነት ንነዊሕ ዓመታት ዝተቓለስናላ ሃገር ከኣ፡ ልኡላውነታ ከተረጋግጽ ምዕዋታ፡ እቲ ዝዓበየ ጸጋ ምዃኑ ከስምረሉ እፈቱ። እቲ ብህዝብና ዝተበገሰ ሃገራዊ ቃልሲ፡ ቅኑዕ ኣንፈት ዕላማኡ ኣጥፊኡ፡ መንገዱ ስሒቱ ስለ ዝተጨወየ ፡ ብሕልናዊ ኣስተንትኖ፡ 24 ግንቦት፡ ሓጎስን ምረትን ዝሓዋወሰ፡ ንምግላጹ ኣዝዩ ዘሸግር፡ ህውከት ዝመልኦ ስምዒት’ዩ ዘሕድረለይ።*

*ጸላኢ ኣባሪርካ፡ መሬት ሓራ ኣውጺእካ፡ ማሕበራዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ መደባቱ ዘየነጸረን ዘየረጋገጸን ነጻነት፡ ከቶ ምሉእ ክኸውን ኣይክእልን’ዩ። ብዙሓት ተቓለስቲ ን24 ግንቦት ክዉን ዝገበሩን፡ ከቢድ ዋጋ ዝኸፈሉን፡ ይትረፍ’ዶ ብህወቶም መሬት ዓደቦኦም ክረግጹ፡ ንረሳታቶም ከይተረፈ’ውን እቲ ዝግባእ ክብሪ’ውን ተነፊግዎም’ዩ። ክብርታት ደቂ ሃገር ብፍትሕን ማዕርነትን ዝረጋገጽ ሕገ-መንግስታዊ መሰል’ዩ። ስለ ዝኾነ: እቶም ዛጊት ዘይተረጋገጹ (ዘይተፈጸሙ) ዘለዉ መሰላት፥ ብሕጽር ዝበለ፥*

- *ሃገራዊ ዕርቂ፡ መሰረታዊ ዕዮ ገዛ ብቱኽረት ክጸዓረሉ ዘለዎ፡ ናብ ስኒትን ሰላምን ዘምርሕ ሃገራዊ ዕማም ኮይኑ፡ ብቐደም ተኸተል፡ እቲ ቀዳማይ ቦታ ክነትሕዞ ዝግባእ ሃገራዊ ዕማም’ዩ።*
- *ቅዋማዊት ሃገር ወይ ደውላ (State)፥ ሰረተ-ምስረታ ምንጻፍ ንሓጋጊ ኣካል (ባይቶ) መንግስታዊ ቅርጻን ትካላትን ሰልፍታትን ዘውሕስ ሕጋዊ መንግስታዊ ትካላት ምምስራት።*

*እዚ ዲክታቶርያዊ ጉጂለ ህግደፍ ን33 ዓመታት፡ ነታ ሃገር ብድግስ ሓጺን ዝገዝእ ዘሎ ጃንዳ፡ ወጊድ ንብለሉ ምዑት ቃልሲ ዝሓትት ግዱስነት ፡ ብውሽጥን/ግዳምን መላግቦ ፈጢርካ፡ ህዝባዊ ናዕቢ ዝለዓለሉ ቅኑዕ ሃዋህውን ኩነታትን ንምፍጣር፡ ናይ ኩሎም ሃገራዊ ሓይልታት እዋናዊ ዕማም ኮይኑ፡ ደራኺ እጃምና ከነልዕል ይግባእ። ነቲ ድሕሪ ውድቀት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ክኸሰት ዝኽእል ድሕረ-ባይታን ኣኽእሎታትን፥ ሃገርና ካብ ማሕበራዊ ነውጽን ፖለቲካዊ ህውከትን ነጻ ኮይና ንኽትነብርን ክትምዕብልን፡ ዘይሕለል ዕዮ ገዛ ንኹሉ ወዲ/ጓል ሃገር ዝምልከት ልዑል ሃገራዊ ሓላፍነት ምዃኑ፡ በዚ ኣጋጣሚ ከስምረሉ እፈቱ።*

***ጎረባብቲ ሃገራት ብፍላይ ሱዳንን ኢትዮጵያን የመንን ብሓደገኛ ነጥበ መቐይሮ ዝሓልፉ ዘለዋ ሃገራት ፥ እቲ ንኹሉ ኣኽእሎታት ከፉት ዝገብር ቀጻሊ ናይ ደም ምፍሳስ ፡ ንሃገርና ኤርትራ እንታይ ሳዕበናት የውርደላ እልካ ትሓስብ?***

*ኤርትራ ሃገርና፡ ኣብ’ቲ ዘለናዮ ዞባ፡ በቲ ባህርያዊ ጀኦግራፍያዊ ኣቐማምጠኣ፡ ናይ’ቲ ከባቢ ሃገራት ሕምብርቲ (ማእከል) ምዃና ዘፍልጣ ምኽንያት፡ ምስ ኣብ’ቲ ከባቢ ዝርከባ ሃገራት በቲ ናይ ዶብ ዝምድና ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብፍላይ ምስ ሱዳንን ኢትዮጵያን፡ ብማሕበራዊ ዝምድናታት ትተኣሳሰርን፡ ሃይማኖታዊ መላግቦታት ዘለዋ ሃገርን ምዃና’ያ። ከም’ውን፡ ነቶም ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ዝዋደዱ ምዕብልናታት፡ ኣካል ናቱ ክትከውን ይገብራ። ክዉንነት ናይ’ዚ ዘለናሉ ዞና፡ ወትሩ ኣብ ቀጻሊ ውግእን ነውጽን፡ ከቢድ ወጥርን ጥሒሉ ዝነብር ምዃኑ፡ ዓለም ዝምስክሮ ክዉንነት’ዩ። ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምልካዊ ስርዓት ከምዘላ ፈጽሙ ኣብ ግምት ዘየእተወ፡ እታ እንኮ ኣብ ሰላምን ርግኣትን ትነብር ዘላ*

ሃገር ገይሮም ክገልጽዋ ዝፍትኑ ተመራመርቲ፡ ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ፡ ናይ ምዕራባውያን ጥቕምታትን ረብሓታትን ዘንጸባርቕ ናይ ጀኦ-ስትራተጂ ኣተሓሳስባ እዩ ምባል፡ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይመስለን። ኣብቲ መሰረታዊ ሕቶና ክንምለስ እንተኾይና፡ ርግጽ'ዩ በቲ ኣብ ጎረባብትና ሃገራት ክፍጸሙን ክኽሰቱን ዝኽእሉ ምዕባሌታትን፡ በቶም ተረኽቦታት፡ ሃገርና እንተስ ብኣዎንታ እንተስ ብኣሉታ፡ ብሰብኣዊ፣ ቁጠባዊ፣ ፖለቲካዊ መዳያት ክትጽሎ ከኣ ናይ ግድን እዩ። ኣብ ኩነታት ውግእ፡ ናይ ህዝቢ ምዝንባል ሃገርካ ሓዲግካ ስግር ዶብ ምኻድ፡ ሓደ ክውንነት'ዩ፡ ንሱ ዘስዕቦ ጥምየትን ድኽነትን ሽግር ከኣ ማእለያ ዘይብሉ፡ ካብ ወለዶ ንወለዶ ዝሰጋገር ስምብራት ዝሓድግ ስቅያት'ዩ። ኣብ'ቲ ዞና ዝካየድ ናይ ሓድሕዳዊ ውግኣት፡ ምድማይን ብርሰትን ዕንወትን ዘስዕብ ኮይኑ፡ ነቶም ተቐማጦ ናብ ዓሚቕ ቅልውላውን ድሕረትን ተሸሚሞም ንኽነብሩ ይገብሮም። ናይ ንብረት ጥፍኣትን ህልቂትን ከይኣክል፥ ኣብ'ቲ ውግእ ዝጠፍኡ መንእሰያት ማእለያ ዘይብሉ ቁጽሪ ኮይኑ፡ ነተን ሃገራት ተካእቲ ወለዶ ዘይብለን ይገብረን። ሃገርና ኤርትራ፡ ብሓደ ሸነኽ በቲ ኣብ ሱዳንን ኢትዮጵያን፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ በቲ ኣብ ሶማልን የመንን፡ ኣብ ኣፍደገ ገዛና ዝካየድ ዘሎ ናይ ውግእ መስርሕ፡ ንሃገራዊ ጸጥታ (NATIONAL SECURITY) ናይ ኤርትራ፡ ጸጥታውን ፖለቲካውን ቁጠባውን ክውንነት ብዝምልከት፡ ናቱ ርእሱ ዝኽኣለ ዲናሚክ ዝሓዘ ኮይኑ፥ ኣብ ዞባዊ ዲፕሎማስያዊ መዳይ ኮነ፡ ኣብ ሓድሕዳዊ ርክባትን ዝምድናታትን ኣብ መንጎ ጎረባብቲ ሃገራት ዝፍጠር ዝተሓላለኸ ስነ-ምኅት፣ ናብ ከቢድ ወጥርን ምርጸምን ንኸምርሕ ዘሎ ኣኽእሎታት ዓብይ'ዩ። ኣብ ኤርትራ ለባም መንግስቲ እንተዝህሉ ነይሩ፡ ኣብ ጥዑይ ዝምድና ዝተመስረተ ፖሊሲ ሓንጺጹ፡ ኣብ'ቲ ዞና ሰላምን ርግኣትን ንኽሰፍን፡ ንኤርትራ ዘርብሕ ዓብይ ዲፕሎማስያዊ ግደ ክጻወት ምኸኣለ። ኣብ ሱዳን ኮነ ኣብ ኢትዮጵያን ሶማልን፡ ከም'ውን ኣብ የመን፡ ብብረት ዝፍታሕ ሽግር ሃገር የልቦን። ስለ ዝኾነ፥ ካብ ዝኾነ ኢድ-ምትእትታው ነጻ ኮይናም፡ እቶም ጉዳዩ ዝምልከቶም ኣካላትን ተዋሳእትን፡ ሽግራቶም ብልዝብን ምርድዳእን ዝፍታሕ ምኳኑ፡ ኣብ ከምኡ ዕግበት ክበጽሑ ከኣ ተስፋ ንገብር።

**የቐንየልና ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ ንዘቕረብናልካ ሕቶታት ብትዕግስትን ትግሃትን ዝሃብካና መልስታት ንመስግነካ። ከም መደምደሚ ናይ'ዚ ዘካየድናዮ ሰፊሕ ቃለ መሕትት፡ ብመጽሔት ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ኣቢልካ መልእኽቲ ከተመሓላልፍ ደስ ይብለና።**

ኣብ መደምደምታ ናይ'ዚ ሰፊሕ ቃለ ማሕትት፡ ነዚ ዝተዋህበኒ ዕድል ብልቢ ብምምስጋን፦

- ነዚ ውልቀ መላኺ ስርዓት ንምውዳቕ፡ ብውሽጥን ግዳምን መላግቦ ፈጢርካ ዝረጋገጽ ዕማም ኮይኑ፡ ነዚ ንምዕዋት ከኣ ፡ ደምበ ተቓውሞ ኣብ ንጹር ስትራተጂ ዘትከለ፡ ጥሙር ስነ-ኣተሓሳሰባ ኣጥርዩ፡ ጻዕርን ተበግሶን ናይ ኩሎም ሃገራውያን ሓይልታት፡ ጽባሕ ነርክበሉ ኢልካ ዘይስገር እዋናዊ ሓላፍነት'ዩ። ለውጢ ክግበር ድልየትን ሃንቀውታን ናይ መላእ ህዝብና እምንቶ ካብ ኮነ፡ እቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ህዝብና ንተቓውሞ ቅሩብነቱ ከርኢ ይግባእ። - - ህዝባዊ ሰራዊት፡ ልክዕ ከም'ቲ ዶባት ሃገር ንምክልኻል ሓላፍነት ዘለዎ፡ ነቲ ኣካሉ ዝኾነ ህዝቢ'ውን፡ ካብ'ቲ ኣብ ትሕቲ ግዝኣተ ውልቀ-መላኺ ዝነብሮ ዘሎ ስቅያት ንክገላግሎ ሃገራዊ ሓላፍነቱ'ዩ።
- በቲ ክቡር ህይወት ደቃ፡ ብከቢድ ዋጋን መስዋእትን፡ ዝተረጋገጸ ሃገራዊ ልኡላዉነት ሃገርና፡ ንድሕነት ሃገርናን ህዝብናን ወትሩ ዋልታን ጉራደን ንኹን። ንሃገራዊ ሓድነት ህዝብናን፡ ሰላምን ፍቕርን ሕብረተሰብናን ዝብትን ጨዳድ፡ ብደገ ይምጻእ ብውሽጢ፡ ብሓደ ኢድን፡ ብሓደ ልሳንን፡ ተዋሃሂድናን ሰሚርናን ንመክቶ።

## ክቡራት ኣንበብቲ

*ርእይቶኹምን ትዕዝብትኹምን በዚ ዝስዕብ ኢመይል ክትሰዱልና ንምሕጸን !!*

ensf.info@gmail.com